# ዘአማኑኤል ልደት

## 28 ታሕሣሥ 2016 ዓ.ም. ( 1/7/2024)

### በጎል ሰከበ በአጽርቅት ተጠብለለ እግዚእ ወመድኅን ቤዛ ኵሉ ዓለም ዮም ተወልደ




**መዝሙር፡** ወእንዘ ሀለዉ ህየ በጽሓ ዕለተ ወሊዶታ።... አብኡ እንከለዉ ዕልት ምውላዳ በጽሐ በኽሪ ወዳ ወለደት አንቲ ቤተልሔም ምድሪ (ምሕረት፥ ርኅራኄ) ሳይዳ ካባኺ ንጉሥ ይሁዳ ይወጽእ አውልድ ጢሮስ ሽው ይሰግዳ።

መሰረታ ክቡር ዕንቍ ዝኾነ ካብአ ተወልደ፥ ኩሎም ነገሥታት ምድሪ ይሰግዱሉ፥ መባኡ ወርቅን ከርበን ዕጣንን፥ መድኃኔ ዓለም ተወልደ ንኹሉ ሓጎስ ዝኸውን።

**ንባባት፡** ሮሜ 8፡3-18፥ 1ዮሓ 4፡1-9፥ ግ.ሓ. 3፡22-ፍ፥ ማቴ 1፡1-18።

**ምስባክ፡**

1. ወአነሂ በኵርየ እረስዮ፥ ወልዑል ውእቱ እም ነገስተ ምድር ወለዓለም አዓቅብ ሎቱ ሣህልየ። አነ እውን በዅረይ ክገብሮ እየ ንሱ ኻብ ነገሥታት ልዕል ዝበለ ኺኸውን እዩ፥ነቲ ዘተስፈኽዎ ምሕረት ንዘለዓለም ክሕልወሉ እየ፥ ኪዳነይ እውን ከጽንዓሉ እየ መዝ. 89፡-27-28።

2. የሓዩ ወይህብዎ እምወርቀ ዓረብ፥ወዘልፈ ይጸልዩ በእንቲአሁ፥ወኵሎ አሚረ ይድኅርዎ: ካብ ሸባ ወርቂ ይህብዎ፥ ኵሉ ጊዜ ምእንትኡ ይጸልዩ፥በረኸት እግዚአብሔር ድማ ዅሉ ሳዕ ምስኡ ይዅን" መዝ። 72፡15

3. ምስለከ ቀዳማዊ በዕለተ ኃይል፥ብርሃኖም ለቅዱሳን፥ወለድኩከ እም ከርስሥ እምቅድመ ኮኮበ ጽባሕ፥ መዝ.109፡3።

አብ ልጡርግያ ዓድና ታሕሣሥ 28 አማኑኤል ተባሂሉ ይፍለጥ አብ አርባዕተ ዓመት ልደት በዚ ዕለት ይኸውን።ኣብ ኣአርባዕተ ዓመት ጳጉሜን ሽድሽተ ስለ ዝኸውን፡ ጐይታና ኣብ ማኅፀን ድንግል ዝነበረሉ ትሽዓተ ወርኅን ኃሙሽተ መዓልትን ዝመልእ 28 ታኅሣሥ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ በዓለ ልደት ኣብ ዘመነ ማቴዎስ፡ ዘመነ ማርቆስን ዘመነ ሉቃስን 29 ታኅሣሥ ክብዕል ከሎ፡ ኣብ ዘመነ ዮሓንስ ግና 28 ታኅሣሥ ይብዕል። በዚ ዕለት ኩሉ ሰብ ንብዓለ ልደት ምቅርራብ ክኸውን ምእንቲ ኩሉ ይጸውም ፍሉይ ምቅርራብ ይግበር። ሰብ ብነፍሱን ብሥግኡን ንልደት መድኃኒ ዝኸውን ምቅርራብ ይገብር። አማኑኤል ዝብል ስም እንሆ ድንግል ክትጠንስ ወዲውን ክትወልድ እያ ስሙ ኸአ አማኑኤል ኪብልዎ እዮም ትርጉሙ ኸአ አምላኽ ምሳና ማለት እዩ (ማቴ 1፡22-23) ካብ ዝብል መሰረት እዩ። ኢየሱስ ምስ ተወልደ አምላኽ ሥጋ ለቢሱ አብ መንጎና ተረኺቡ። ብዓለ ልደት ነዚ ዝምስክር ስለ ዝኾነ ቅድሚ ልደት ዘላ ዕለት ንትስብእቲ ክርስቶስ ስለ እትሕብር አማኑኤል ትብሃል።

አብ ፋርስ ዝብሃል ሃገር ሓደ ለባምን ጥበበኛኝ ንጉሥ ከምዝነበር ይንገር። ንህዝቡ አጸቢቑ ይፈትዎም ስለ ዝነበረ ከመይ ከምዝነብሩ ጸገማቶምን ኩሉ ሕይወቶምን ክፈልጥ ይደሊ ነሩ። ሓደ መዓልቲ ናይ ሓረስታይ ክዳን ተኸዲኑ አብ ብብዝሒ ድኻታት ዝቐምጡሉ ገዛውቲ ከይዱ። ካብቶም ክርእዮም ዝመጸ ንሱ ንጉሥ ምዃኑ ዝፈለጠን ዝገመተን አይነበረን። ሓደ ካብኦም ብዘይመጠን ድኻ ዝነበረ አብ ሕማቕ ቦታ ይቕመጥ ነሩ። እቲ ንጉሥ ምስኡ በሊዑ ኩሉ ተሳቲፉ ንቦትኡ ተመሊሱ። ድሕሪ ገለ መዓልታ ነቲ ድኻ ክዳን ንግሥነቱ ተኸዲኑ ብዓቢ ዓጀባ መጺእዎ መን ምዃኑ ኸአ ገሊጽሉ። እቲ ንጉሥ ገለ ህያብ ወይ ገለ ነገር ክገብረሉ ዝሓቶ መሲልዎ ነሩ። እንተ ኾነ እቲ ድኻ ሰብ “ንስኻ ግርማኻን ክብርኻን አዳራሽካን ሓዲግካ ንአይ ክትበጽሕ አብዚ ናይ ድኻታት ቦታ ጸልማት ዝመልአ መጺእካ። አነ ዝበላዕክዎ መግቢ ድኻታት ምሳይ በሊዕካ። ንልባይ ሓጎስ አምጺእካሉ። ንኻልኦት ምናልባት ዓቢ ህያብ ሃብቲ ሂብካዮም ትኸውን ንአይ ግን ርእስኻ ሂብካኒ ኢልዎ ይብሃል።

አብ ልደት ናይ ነጋውስ ንጉሥ ንሰማያዊ ዝፋኑ ሓዲጉ አብዚ ትሑትን ውርደት ዝመልአ ዓለምና ሕይወትና አብ ኩሉ ድኽነትና ሽግራትና ቃንዛታትና ክሳተፍ አብ መንጎ ካብ ድንግል ማርያም ተወሊዱ ናይ ዝሓደሮ ነብዕል። እቲ ሕቶ ኢየሱስ ፍሉይ ህያብ ናይ ዝሃበና አይኮነን ንሱ ሕይወቱ ብርእሱ ሂቡና አሎ። አብዚ ወጻኢ እንርከብ ናይ “Santa Claus” ታሪኽ ንፈልጦ ኢና ሳንታ ብለይቲ መጺኡ አብ ትሕቲ ናይ ልደት ገረብ ህያባቱ ሂቡ ይጠፍእ ይኸወል ቆልዑት ሳንታ ዘይ ወዳእ ህያብ ዝህብ ግን ዘይፍለጥ ሂቡ ዝኸይድ እዮም ዝፈልጡ። ክርስቶስ ግን ሂያባቱ ሂቡ ዝጠፍእ አይኮነን። ምሳና ክነብር አብ መንጎና ክሓድር ይመጸና። ሰብአዊ ጸገማትና ክካፈል ይመጸና። ብርእሱ አብ መንጎና ምርካቡ እቲ ዝበለጸ ህያብ እዩ። ከምቲ አብዚ ታሪኽ ዝተነግረ ካብ ንጉሥ ንዋታዊ ህያብ ካብ ምቕባል ምስ ንጉሥ ምዃን ዝበለጸ ህያብ እዩ።

ዘለዓለምዊ ውሉድ አምላኽ ዝኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ ሰማያዊ ዝፋኑ ሓዲጉ ከማና ስጋ ለቢሱ ብዘይካ ኃጢአት ብኹሉ ንአና መሲሉ። እዚ እዩ እቲ አብ መዓልቲ ልደት እነብዕሎ ምስጢር። አብ ቤተልሔም አብ ብዓቲ ዝተወልደ ዘለአለማዊ ቃል አምላኽ ዝኾነ ክርስቶስ እንታይነት ምስጢሩ አብ መንጎና ሓዲሩ ገሉጹልና። አብ ዕብ 10፡5 ክርስቶስ አብ ዓለም ክመጽእ አንከሎ እግዚአብሔር ሰውነት አዳልዩሉ ዝብል ንረክብ እዚ ኸአ ነቲ ናይ ኢየሱስ ትስብእቲ ከመልክት ኢሉ እዩ።

ኢየሱስ አብ ዓለም ዝመጸ ፍቓድ አብኡ ክፍጽም እዩ (ዕብ 10፡5)። አብ ቤተ መቕደስ አይሁድ አብቲ ዝበለጸ ቦታ መስዋዕቲ መሪጹ እዚ ኸአ ንድላይ አምላኽ ምቕባሉ ከርእየና ኢሉ እዩ። ንድላይ አምላኽ አብ ዕለታዊ ሕይወትና ክንፍጽም ኢልና እንገብሮ ንእነዕርጎ ብመስዋዕቲ ክንትክኦ ይክአል እዩ።

ሎሚ ዓቢ ጋሻ አብ መንጎና ክሓድር ይመጽአና አሎ ፍሉይ ምቅርራብ ክንገብር ይግብአና፡

- ነፍስና አንጺሕና ክንቅበሎ። ዝኾነ ንኢየሱስ ዘይበቅዕ ሕይወት እንተ አሎና ክንሳሕ ክንጸሪ። አምላኽ አብ ዝነጽሐ ልብና ክሓድር እዩ ዝደሊ ዘሎ። አብ ሕይወትና አቲና ክንክእል ይግብአና። ሎሚ ብሃንደበት ብዘይተፈልጠ ዘይኮነ ብቤተ ክርስትያኑ ገሩ ኩሉ ይሕብረና አሎ። መላእኽቱ ሰዲዱ መድኃኒ ተወሊድልኩም አሎ ብጽሕዎ ምስ ህያባትኩም ይብለና አሎ። ልብና አንጺሕና አብ ገዛና አብ ሓዳርና አብ ሕይወትና ነእትዎ።

- ንዓቢ ጋሻ ዝግባእ ምቅርራብ ንግበር። ክቡር ጓሻ መጠን ዕብየቱ ነኽብሮ ንሱ ይሕጎሰሉ እዩ ዝበልናዮ ንቕርብ ብፍላይ ብዓል ጽቡቕና እንተ ኾነ ሞሳ ናይ እቲ ዝገበረልና ክንመልስ ዝክአለና ንገብር። ሎሚ መድኃኔ ዓለም ክርስቶስ አብ መንጎና ሓዲሩ ደቂ ሰማይ ክገብረና አፍደገ ድሕነት ክኸፍት ይመጽእ አሎ ንሰናዶ። ናይ ሓጎስ ሽምዓ አብ ሕልናና አብሪህና ንቀበሎ።ግዙፋዊ ምቅርራብ ጥራሕ ዘይኮነ ልብናንን ሕይወትና ብምልኡ ሓደ መንፈስ ሒዙ ንቀበሎ።

- **እንቋዕ ድሓን መጻእካ ኣብ ዓለምና ንበሎ።** ጓሶት መጀመርያ ልደት ክርስቶስ ዝተነግሩ እዮም። ክበጽሕዎ ተሓቢሮም። ህያባቶም ሒዞም ተቐቢሎሞ። እንቋዕ ድሓን መጻእካ ኣብዛ ጭንቀት ውርደት ዝመልአ ዓለምና፥ ናትካ ምምጻእ ንኹሉ ዝቕይር ስለ ዝኾነ ልደትካ ብስራት ሓጎስ ሰላም እዩ እዮም ሎሚ ኣብ ልበይ ምጻእ ንበሎ። ከመጽኣና ከአ እዩ ንቀበሎ።

- **ምስጢር ልደት ፈሊጥካ ምኻእል።** ልደት ኣምላኽ ትስብእቲ ዝለበሰሉ ፍጡር ባህሪ ኣምላኽ ዝለበሰሉ ዓቢ ምስጢር እምነትና እዩ። ኣማልኽቲ ኢኹም ደቂ እቲ ልዑል ኢኹም ዝብል ጸሎት ኣብ ትስብእቲ ክርስቶስ ዝተመስረተ እዩ። ዓለትና መንነትና ደቂ ኣምላኽ ኮይኑ። ናይ ኣምላኽ ዘይምኳን ናትና ኣይኮነን። ልደት ኣብቲ ኣምላኽ ዝገበረልና ሰናይ ክንምለስ ዝዕድመና እዩ።

ኣብዚ መጨረሽታ መዓልቲ ንምጽኣት ክርስቶስ እንዝክረሉ እዋን ንኹሉ ንኣምላኽ ዝበቅዕ ገርና ብዓልና ክነብዕል ንሕተት ኣሎና። ኣብ መዓልቲ ሓጎስ ኣብ መዓልቲ ብርሃን ክንእቱ ሎሚ ፍሉይ ነገራት ሕይወትና ርኢና ክንክእል እሞ ኣምላኽ ናትና ክኸውን ንሕና ኸአ ናቱ ኮና ክንርከብ ፍቓደኛታት ንኹን።

ታቦት ኣምላኽ ዝኾነ ልብና ብኹሉ ነጺሑ ክህሉ ነታ ኣብ ማህጸና ዝጾረቶ ማርያም ንሕና እውን ኣብ ሕይወትና ጸርና ምስኡ ክንውሃሃድ ሎሚ ሓግዝና ንበላ። ከምቲ ንስኺ ዕብዮቱን ምስጢሩን ርኢኺ ዝተቐበልክዮ ዝሰማዕክዮ ንሕና እውን ሕይወትና ክንቅይር ክንሰምዖ ሕይወትና ታቦቱ ክንገብሮ ነቲ ካብኡ ዝፈልየና ኣሊና ንወድኺ ክንበጽሖ ሓግዝና ንበላ።

በዚ ብሩኽ ልደት ንኹልኹም ኩሉ ጸጋታቱ ክዕድለኩም እና ተመነኹ ንኣኻትኩምን ንኹሎም ፈተውትኹምን ርሑስ ልደተ ክርስቶስ እብል። ኣብ ሃገርናን ዓለምናን ሰላም ነጊሱ ኩሉ ዝሕጎሰሉ ዘመን የውርደልና።

ኣባ ንጉሠ ፍሥሓ